
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



## ጥበበኛ ንጉስ ሰሎሞን


ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Lazarus, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ



ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org




©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣





ንጉስ ዳዊት ዓብዩ ናይ ኣምላኽ ሰብ ነበረ፡ ኣብ ግዜ መንግስቱ እስራኤል ካብ መንግስቲ ንጉስ ሳኦል ብዓሰርተ ዕጽፊ ዓብያ ነይራ፡ ዳዊት ድማ ኣሪጉን ደኺሙን፡ ሓሚሙን ነይሩ ክገዝእ ድማ ኣይከኣለን፡ ናይ ምድሪ ህይወቱ ድማ ናብ መፈጸምትኡ ይቃረብ ነበረ።





ሓደ ኻብቶም ብዙሓት ደቂ ዳዊት ዝኾነ ኣዶንያስ ንሱ ከም ዝነግስ ንህዝቢ እስራኤል ነገሮም። ስሙ "ኣምላኽ ጎይታይ ኢዩ" ዝብል ዋላኳ እንተነበረ፡ ኣዶንያስ ቅኑዕ ሰብ ኣይነበረን፡ ንጉስ ዳዊት ኣዝዩ ከም ዝደኸመን መንግስቱ ክከላኸል ከም ዘይክእልን ስለ ዝፈለጠ ነቲ ስልጣን ክወስዶ መደበ።

3



በርሳቤህ ሰበይቲ ዳዊት ሰሎሞን ወዳ ከም ዝነግስ ትፈልጥ ነበረት፡ ንዳዊት ከኣ ብዛዕባ መደባት ኣዶንያስ ነገረቶ፡ ዳዊት ሓሚሙ እኳ እንተ ነበረ ነቶም መራሕቲ እስራኤል ኣኪቡ ንሰሎሞን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ንጉስ እስራኤል ገበሮ ።

4

ህዝቢ እስራኤል ንዳዊት ስለ ዝኣምኖ፡ ሰሎሞን ካብ ኣዶንያስ ብዙሕ ሽግር ኣይገጠሞን፡ ዳዊት ን ህዝቢ እስራኤል ኣምላኽ ንጉሶም ክኸውን ከም ዝመረጾ ነገሮም፡ ድሕርዚ ነዊሕ ከይጸንሐ ዳዊት ሞተ።



5



ዳዊት ቅድሚ ሞቱ ንሰሎሞን ብዛዕባ ንኣምላኽ ምእዛዝን፡ ቅኑዕ ንጉስ ምኳንን ነገሮ፡ ዳዊት ድማ "ብኹሉ ነገርካ ምእንቲ ክቐንዓካ ብመንገዲ ኣምላኽ ተመላለሱ" ኢሉ ጽቡቕ ምኽሪ ሃቦ፡ ሽዑ ሰሎሞን ኣብ ዝፋን ኣቦኡ ዳዊት ተቐመጠ መንግስቱ ድማ ጸኒዓ ቈመት።

6

ሰሎሞን ሓደ ለይቲ ሕልሚ ሓለመ፡ ኣምላኽ ብሕልሙ ተራእዮ እሞ "ሕተተኒ እንታይ ክህበካ ትደሊ በሎ፡ ንስኻ እንተ ትኸውን እንታይ ምሓተትካ፡ ሰሎሞን ንፋዕ ንጉስ ንምኳን ካብ ኣምላኽ ጥበብ ሓተተ፡ እዚ ድማ ንኣምላኽ ኣሐጎሶ፡ ሰሎሞን ነቲ ዝሓተቶ እኳ እንተ ረኸበ ኣምላኽ ግና ተወሳኺ ብዙሕ ሃብትን ክብርን ከም ዝህቦ ሙብጽዓ ኣተወሉ።





7



ሰባት ጥበብ ሰሎሞን ከስተውዕሉ ነዊሕ ኣይወሰደሎምን፡ ሓደ መዓልቲ ክልተ ኣዴታት ሓደ ሕጻን ሒዘን ናብኡ መጺኣን፡ እታ ሓንቲ ሰበይቲ "ወዲ እዛ ሰበይቲ እዚኣ ብለይቲ ሞተ ነቲ ዝሞተ ሕጻና በቲ ብህይወት ዘለ ወደይ ቀየረቶ በለት፡ እታ ካልእ ሰበይቲ ድማ ኣይፋልን፡ እዚ ብህይወት ዘሎ ወደይ እቲ ምዉት ከኣ ወድኺ ኢዩ በለታ፡ እታ ሓደኛ ኣደ እቲ ህጻን መን ምኳና እቲ ንጉስ ብኸመይ ክፈልጥ ይኽእል።

8


ሽዑ እቲ ንጉስ "ሰይፊ ኣምጽኡለይ" በለ፡ ሰይፊ ውን ኣምጽእሉ፡
እቲ ንጉስ ብሰይፊ እንታይ ኪገብር ዝሓሰበ ይመስለካ፡
9
እቲ ንጉስ ድማ "ነቲ ህያው ሕጻን ኣብ ክልተ ቆሪጽኩም ንፍርቂ እቲ ሓደ ፍርቂ ነታ ሓንቲ እቲ ሓደ ፍርቂ ድማ ነታ ካልእ ሃብዋ ብለ፡ ኣደ እቲ ብህይወት ዘሎ ሕጻን ግን "ጐይታይ ነዚ ብህይወት ዘሎ ሕጻን ሃባ ከቶ ኣይትቕተሎ፡ ንዓኣ ሃብዋ በለት፡
10
እታ ካልእ ሰበይቲ ግን፡ ኣብ ክልተ ቁረጽዎ እምበር ናተይ ወይ ናታ ኣይኹን በለት።
11
እቲ ንጉስ ከኣ "እቲ ህያው ህጻን ነታ ቐዳመይቲ ሰበይቲ ሃብዋ፡ ኣደ እቲ ህጻን ንሳ ኢያ በሎም፡ ኩሉ እስራኤል ድማ ብዛዕባ እቲ ፍርዲ ሰምዑ ነቲ ንጉስ ኣኽበሮ፡ ጥበብ ኣምላኽ ምስኡ ኸም ዘሎ ድማ ኣስተውዓለ ።
12
ህዝቢ እስራኤል ንኣምላኽ ዘመልኽሉ ቤተ መቕደስ ኣይነበሮን፡ ዳዊት ነዛ ቤት መቅደስ ክሃንጽ ሓሳብ ነይርዎ፡ ኣምላኽ ግን ን ዳዊት "ወሉድካ ንስመይ ቤት ክሃንጸለይ እዩ በሎ፡ ስለዚ ሰሎሞን ኣብ ኢየሩሳሌም ዜደንቕ ቤተ መቕደስ ኪሃንጽ ጀመረ ።
13
ነታ ቤተ መቕደስ ንምህናጽ ሸውዓተ ዓመት ወሰድ፡ ሰሎሞን ነታ ቤተ መቕደስ ን እግዚኣብሔር ክውፍያ ከሎ ግን እቲ ህዝቢ ክሰምዕ ተኣከበ፡ ዓባይ መዓልቲ ድማ ነበረት።
14

















ጥበበኛ ንጉስ ሰሎሞን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

1 ነገስት 1-12

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

20




22

60



እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቒ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡16